# ጽገ-ወይኒ



ወይ እዛ ቖልዓ እዚአ
ለም-ዘበን ጉድ አምጺአ
አብ ድሕሪ ቤት ዕግርግር
ንመን ክተዳናግር!

ነቱ ጐብዝ ፈሪሓ
ነዙ መሻሕሪ መርቂሓ
አብ ማጀታ፣ አብ ቤታ
ግብግብ ምስ ሓማታ!



ወይ ግሩም! ወይ 'ዛ ቖልዓ
ጭሕሚ መሻሕሪ በሊዓ
እስኪ ነዙይ ንምብላዕ
'ዙ ኹሉ ቓንጫዶ ይስላዕ!

እኽለ-ማይ መሊኡኪ
ዝብላዕ ዘይስአንኪ
ሕደጊ እባ በይዛኺ
ጭሕሚ መሻሕሪ ይቕረኺ!



ጽገ ድሐን አይትእቶ
ጸውዑለይ ናብ ባይቶ
በሊዓን ዘይበልዐቶ
ቃንጫይ ሰላሊዓቶ!

አባቴ ምኽሩልና
ሕደጊ 'ንዶ በሉልና
ጽገ-ወይኒ ጸገወት
ጡብ ዝራብዕ ጠወበት!

ዘይናትና ናይ እ'ዳመን
መጽ'ዩና ኹፉእ ዘበን
ኣብ መሻሕሪስያ ተመን
ሰብዶ ኣሚንካ ይእመን!



ጓለይ! ሕደጊ ነውሪ
ከምዙይ 'ውንዶ ትገብሪ፤
ነዙይ ሓቂ ኸንብሎ
ዝረአየ ሰብዶ 'ሎ፤



ብዘይ ህውከተ፣ ክርክር
ብዘይ ሓንቲ ዕግርግር
ነዙ ጉድ፣ ንመስተንክር
ዝረአየ ይመስክር

ኣባቴ እኒሄና 'ንዶ
ርኢና እዌ ብግህዶ
መሻሕሪ ጉንዱ-ጉንዶ
ሒዛ እንትጐማምዶ!

ኢዶእ! ጓለይ ታይጉዱ
ወላዲዶ 'ዙይ ኢዱ!
ሕደጊ ኸይረግመኪ!
ብማርያም ገዚተኪ!



ሓደራኺ 'ዛ ጓለይ
ሕደጊ ደአ የዕብየለይ
ብማርያም ዓዲ ጉንዲ
ካልኣይ ሻዕ ኸይትለምዲ!

ገ/ኢ. ጐርፉ።